Tigrinya | ትግርኛ

BIG HOUSING BUILD

ሕዳር 2025

# እዋናዊ ሓበሬታ ማሕበረሰብ

ፍለሚንግተን



# ምዕባለ ሆላንድ ኮርት ኣብ ኸይዲ

286 ሓደስቲ ኣባይቲ ናብ ዴብኒስ ፓርክ ከማዓድዉ እዮም

### ኣብ እቲ ቦታ እንታይ እዩ ዝፍጸም ዘሎ

**ናይ መወዳእታ ክልተ ክሬናት ክለዓላ እየን**

ኣብ ሆላንድ ኮርት ህንጸት ከቢድ ዕዮ ተዛዚሙ

**ናይ ኤለክትሪክ ፓነል ስራሓት፡- 126 ክምኡውን 130 Racecourse Road**

ናይ ህንጻ ናይ ቅድመ መጠንቀቕታ ስርዓት ምምሕያሽ

**ምግዓዝ ይዛዘም ኣሎ**

ንዉሑድ ዝቑጽሮም ዝተረፉ ናብ ካልእ ቦታ ዝግዕዙ ስድራቤታት ቀጻሊ ደገፍ

ሆምስ ቪክቶርያ ንኣቦርጂናውያንን ንሰብ ቶሬስ ስትሬት አይላንድ ከም ባህላዊያን ሓለውቲ እታ ሃገር ኣፍልጦ ይህብ፣ ክምኡውን ነቶም ዝሓለፉን ዘለዉን ሽማግለታቶም ኣፍልጦ ይህቦምን የኽብሮምን።



## ናብ ካልእ ቦታ ምግዓዝ

ነቶም ናይ መወዳእታ ዝግዕዙ ስድራቤታት ኣብ ምግዓዞም ንሕግዞም ኣሎና።

## ፍለሚንግተን ናይ ምግዓዝ እዋናዊ ሓበሬታ

ዉሑድ ዝቑጽሮም ዝግዕዙ ስድራቤታት ኣብ ምግዓዞም ንሕግዞም ኣለና። መጺእኩም ምስ ጕጅለና ተዘራረቡ ወይ ምስ ናትኩም ናይ ምግዓዝ በዓልመዚ ተራኸቡ።

**ማእከል ምግዓዝ**

ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ ካብ ሰዓት 9 ናይ ንግሆ ክሳዕ ሰዓት 5 ድሕሪ ቐትሪ፣ 33 ኣልፍሬድ ስትሪት ኖርዝ ሜልቦርን



## ርክብኩም አይተቋርጹ

ኣኼባታት ሓበሬታ


ኣብ ኣኼባ/ ምይይጥ ዝተዋህበ ርእይቶ

እዋናዊ ሓበሬታ ንምርካብ ተመዝገቡ

ተሳትፎኹም ንምቕጻል ኣብዚ ብጽሑ፥

homes.vic.gov.au/flemington-precinct


ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ጕዳያት ምንዳይ ስዓቡና **Homes Victoria**/ሆምስ ቪክቶሪያ



More Homes For Victorians

VICTORIA State Government

ብመንግስቲ ቪክቶርያ ዝተፈቕደን ዝተሓትመን 1 Treasury Place, ሜልቦርን
© ግዝኣት ቪክቶርያ ሆምስ ቪክቶርያ ሕዳር 2025 (HV026225)።
ሕትመት ብፊንስበሪ ግሪን (Finsbury Green), Melbourne Victoria, 3000።




### ሆላንድ ኮርት፥ 286 ሓደስቲ ኣባይትን ህዝባዊ መናፈሻን

**ኣብ ህንጸት ኣሎ**

- ዝቕጽል ካብ ቀዳም 22 ክሳዕ ሰኑይ 24 ሕዳር ክሬን ምልጋስ
- ዓበይቲ ማካይን ንሆላንድ ኮርት (ጽርግያ) ክጥቀማ እየን እቲ ጽርጊያ ድማ ንተቐማጦ ክፉት ክኾውን እዩ
- ተቘጻጸርቲ ተራፊክ ነቲ ጻዕቒ መካይን (ትራፊክ) ንምምራሕ ኣብኡ ክኾኑ እዮም
- ነዚ ስራሓት ናይ ስራሕ ሰዓታት ካብ ሰዓት 6 ቅ.ቀ ክሳዕ ሰዓት 6 ድ.ቀ ክናዋሕ ይኽእል እዩ

### 126ን 130ን ሬስኮርስ ሮድ

**ናይ ኤለክትሪክ ስራሓት**

- ኣብ ሕዳር ዝተመሓየሸ ናይ ቅድመ መጠንቀቕታ ስርዓት ንምድጋፍ ናይ ኤለክትሪክ ስራሕቲ ይግበር

### 12 Holland Court/ሆላንድ ኮርትን 120 Racecourse Road/መንገዲ ሬስኮርስን

**ህንጻታት ውሑስ ምግባር**

- ኣብ ውሽጢ ባዶ ኣፓርታማታት ዝግበር መርመራታት
- ባዶ ዝኾኑ ኣፓርታማታት ምዕቃብን ድሕንነት ዘለዎም ምግባርን
- ካብ ባዶ ኣፓርታማታት ኮሪደራትን ካብ ናይ ሊፍት ቦታታትን፡ ከምኡውን ካብ ወጻኢ እቲ ህንጻ ዝተመደበ ቦታታት ንኣሽቱ መርኣዪ ኣቑሑት ምውሳድ
- ገለ ቀወምቲ ኣቕሑት ካብ ባዶ ኣፓርታማታት ምውጻእ

ሕዳር/ታሕሳስ 2025

# ኣብ ፍሌሚንግተን ዝካየድ መጻኢ ንጥፈታትን ፍጻመታትን

ኵሉ ስራሕቲ ብዝለዓለ ናይ ውሕስነት መዐቀኒታትን ሕጋዊ ብቕዓታትን እዩ ዝፍጸም።

**እዚ ዝሰዕብ ከተስተብህሉ ትኽእሉ ኢኹም፥**

- ኣብ ሆላንድ ኮርት ክሬን ንምውጋድ ተወሳኺ ናይ ጽዕነት ማካይን ምንቅስቓስ ክህሉ እዩ

ኣብ 12 ሆላንድ ኮርት ከምኡውን 120 ሬስኮርስ ሮድ፥

- ባዶ ኣፓርታማታት ክምርመርን ናብቲ ደርብታት መእተውን ውሑስ ክግበር ከሎ ገለ ድምጺ ይስማዕ
- ኣብ ከባቢ ሊፍት ከምኡውን ኣብ ግዳም ዝርከቡ ንኣሽቱ ናይ ድሕንነት ዞባታት አብቲ ቦታ ዝህልዉ ሰራሕተኛታት መከላኸሊ ክዳን ተኸዲኖም ይረኣዩ

ዕዮና በቲ ልሙድ ናይ ቤት ምኽሪ ሰዓታት ስራሕ እዩ ዝምራህ፥

**ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ** ካብ ሰዓት 7 ቅ.ቀ ክሳዕ ሰዓት 6 ድ.ቀ

**ቀዳም** ካብ ሰዓት 9 ቅድሚ ቀትሪ ክሳዕ ሰዓት 3 ድሕሪ ቀትሪ

ሓድሓደ ግዜ ካብዚ ሰዓታት ወጻኢ ንኽትሰርሕ ፍቓድ ቤት ምኽሪ የድሊ እዩ ይኹን ግን እዚ እንተ ኣጋጢሙ ንተቐማጦ ኽንነግሮም ኢና።

ዝያዳ ሓበሬታ ዘድልየኩም ተቐማጦ ንናይ ከባቢኹም ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ርኸቡ፥

**1300 360 462**

**ascotvale.housing@dffh.vic.gov.au**

## ቅድሚ ምፍራስ ዘሎ ናይ ስራሕቲ ሰሌዳ ግዜ

12 ሆላንድ ኮርትን 120 ሬስኮርስ ሮድን

**ኣብዚ ኢና ዘለና**

### 1. ዝያዳ ምምሃርን ነገራት ውሑስ ምግባርን

- ✓ ባዶ ኣፓርታማታት ምዕቃብ
- ✓ ናይ ናውቲ/ኣቑሑ ውሑስነት ንምቍጽጻር እቲ ቦታን ህንጻታትን ምምርማር
- ✓ ልሙድ ጽገና ምቕጻል

**መወዳእታ 2025**

### 2. ምድላው

- ውሑስ ንምግባር ቦታን ምልክትን ምድላው
- ንኣገልግሎት ምትእስሳር (መስመራት ምስ መሳርሒ ምትእስሳር) ምርግጋጽ
- መእተዊ ንኣጋር፡ ማካይንን ናይ ማካይን ደው መበልን ውሑስ ምግባር
- ነቲ ቦታ ውሑስ ንምግባርን ንምፍራስ ምድላውን ኣብ ውሽጢ ህንጻታት ምስራሕ

**2026**

### 3. ምፍራስ

- መደያይቦ (ስካፎልዲንግ) ይትከል
- ናይ ውሽጢ መላገቢ ትቦታት (ጥብቆታት) ምልጋስ
- ህንጻታት ብጥንቃቐ በብደረጃኡ ምፍራስ
- ስሩዕ እዋናዊ ሓበሬታ ንማሕበረሰብ

ንዝያዳ ሓበሬታ እንተላይ ብቛንቋኹም ሓበሬታ ንምርካብ ናብ፦ **homes.vic.gov.au/information-in-your-language** ብጽሑ

ንሓፈሻዊ ሕቶታት ኢ-መይል፥

**enquiries@homes.vic.gov.au**